## ቃል ንኣቱ

እቶም ምሳና ርክብ ዘለኩም ኩሉ ግዜ ክብረት ዘለዎን ፕሮፌሽናል/ሙያዊ ኣተሓሕዛን ይግበረልኩም፡፡

ኣብተን ናትና ዝኾና ኩለን ናይ ኮሙን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ተጠቀምቲ ትኾኑ፡፡

እተን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ኣብ ዝገብረኦ ምርጫ ናይ ዕድጊ እማመ ብምቕራብ ጽልዋኹም ክተንብሩ ዕድል ይህልወኩም፡፡

ብዘይ ዝኾነ ወጻኢታት/ክፍሊት ኣብ ኩለን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ኢንተርነት ክትጥቀሙ ትኽእሉ፡፡

ኩለን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ካብ ቋንቋ ስቬንስካ/ሽወደን ወጻኢ ብካልእ ቋንቋታት መጻሕፍቲ ከቕርባ ይኽእላ፡፡

ከከም ተደላይነትን ኩነታትን ዝሰማምዐ ስነ-ጽሑፋት ነቶም ስንክልናዊ ጸገማት ዘለኩም ነቕርበልኩም፡፡

ንባብ ንምትብባዕን ምዕባለ ቋንቋ ንምዕዛዝን ናብ ቆልዑን መንእሰያትን ፍሉይ ቆላሕታ ንገብር፡፡

ኣብ ኣብያተ-መጻሕፍትና ናይ ቆልዑን ዓበይትን መደባት ነዳሉ፡፡

## ንሕና ንደሊ

ናይተን ኣብያተ መጻሕፍቲ ሕግታት/መምርሒታት ክትክተሉ፡፡

ንካልኦት በጻሕቲ ኣብያተ-መጻሕፍትን ሰራሕተኛታትን ኣኽብሮትን ሓልዮትን ከተርእዩ፡፡

**Örnsköldsviks kommun**
**(ኦርንስኩልድስቪክ ኮሙን)**
**Samhällsbyggnadsförvaltningen**
**(ምምሕዳር ውጠና/ምምሕዳር ሓፈሻዊ ማሕበራዊ-ጉዳያት)**
**Kulturenheten (ክፍሊ ባህሊ)**

## Biblioteken i Örnsköldsvik

## (ኣብያተ-መጻሕፍቲ ኦርንስኩልድስቪክ)

Arkenbiblioteket (ቤተ-መጻሕፍቲ ኣርከን): 0660-880 20

Bjästa bibliotek (ቤተ-መጻሕፍቲ ቢየስታ): 0660-26 50 23

Björna bibliotek (ቤተ-መጻሕፍቲ ቢዮርና): 0660-26 54 40

Bredbyns bibliotek (ቤተ-መጻሕፍቲ ብረድቢንስ): 0660-26 52 32

Husums bibliotek (ቤተ-መጻሕፍቲ ሁሱምስ): 0660-26 50 74

Skorpeds bibliotek (ቤተ-መጻሕፍቲ ስኩርፐድስ): 0661-301 04

Trehörningsjö bibliotek (ቤተ-መጻሕፍቲ ትረሁርኒንግስዮ): 0662-202 30

እዋናዊ ክፉት-ሰዓታት ኣብዚ ዝስዕብ ትረኽብዎ፥

https://bibliotek.ornskoldsvik.se

እንኮላይ ናይተን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ሕግታት/መምርሒታት ኣብኡ ትረኽብዎ፡፡

እዚ ጽሑፍ ዝተዳለወሉ: 2016

Tigrinja

# ሕግታት ምልቃሕ

## ኣብያተ-መጻሕፍቲ ኦርንስኩልድስቪክ




ÖRNSKÖLDSVIKS KOMMUN

## ካርድ ቤት-መጻሕፍቲ

ካርድ ቤት-መጻሕፍቲ ንምርካብ መረጋገጺ-መንነት ከትርኢ ይግባእ:: እታ ካርድ ናይ ውልቂ ኮይና ኣብ ኩለን ናይ ኦርንስኮልድስቪክ ኮሙን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ተገልግል:: ከምኡ`ውን ንምልቃሕን ኢንተርኔት ቤተ-መጻሕፍቲ ክትጥቀመን ዘኽእለኩም መኽፈቲ-ኮድ ይህልወኩም::

ትሕቲ 16-ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑ ክታም/ፊርማ ናይ ተሓታቲ ሰብ የድሊ::

ኣብ መብዛሕተን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ባዕልኹም ክትልቅሑ ይኹን ክትመልሱ ዘኽእላኹም ኣውቶማቲክ-ማሺናት ኣለዋ:: ከምኡ`ውን ብናይ ውልቂ-ቁጽርን (ፐርሶንኑመርን) መኽፈቲ-ኮድን ምልቃሕ ይከኣል::

እታ ናይ ቤተ-መጻሕፍቲ ካርድ እንተጠፊኣትኩም መረጋገጺ-መንነት ብምርኣይን 20 ክሮነር ከፊልኩምን ሓዳስ ካርድ ምውጻእ ይከኣል::

## ናይ ምልቃሕ ገደብ-ግዜ

ናይ ምልቃሕ ገደብ-ግዜ ከከም ዓይነታት ዘተለቃሕኩሞ ዝተፈላለየ ኢዩ:: ናይ ምምላስ ገደብ-ግዜ ኣብቲ ናይ ምልቃሕ ቅብሊት ከምኡ`ውን ኣብ ናይቲ ቤተ-መጻሕፍቲ መርበብ ሓበሬታ ናይ ውልቂ ገጽን (ሚና ሲዱር) ኣለኩም/ትረኽብዎ::

## ምሕዳስን ምሕዛእን

ነቲ ዝተለቃሕኩሞ ደልዮም ሪጋ ዝሓዙ ሰባት ምስዘይህልዉ ነቲ ልቓሕ ምንዋሕ ይከኣል:: ነቲ ምንዋሕ ባዕልኹም ብመንገዲ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ወይ በተን ኣብቲ ኣብያተ-መጻሕፍቲ ዝርከባ ናይ ምልቃሕ ኣውቶማቲክ-ማሺናት ክትገብርዎ ትኽእሉ:: ዝለዓለ ን5-ሻዕ ክተሐድሱ ትኽእሉ::

ነቲ ክትልቅሕዎ እትደልዩ ባዕልኹም ክትሓዝእዎ ትኽእሉ:: ናብቲ ናይቲ ቤተ-መጻሕፍቲ መርበብ-ሓበሬታ ብምእታው: ኣብታ ሪዘርቬራ (Reservera) ትብል ምስ ጠወቕኩም ነቲ ዝተለቃሕኩሞ ካበየናይ ቦታ ክትወስድዎ ከምትደልዩ ምረጹ::

ኩሉ ግዜ ንዓና ብምውካስ ሓገዝ/ምትሕብባር ክትረኽቡ ትኽእሉ::

## ካብ ደገ-ምልቃሕ

ኣብ ዝኾነት ናይ ኦርንስኩልድስቪክ ኮሙን ቤተ-መጻሕፍቲ ዘይርከቡ ስነ-ጽሑፋት ኣብ መላእ ሽወደን ካብ ዝርከቡ ካልኦት ኣብያተ-መጻሕፍቲ ተለቂሕና ከነምጽኣልኩም ንኽእል:: ዝኽፈል 20 ክሮነር ኣለዎ:: ናይ ምጽባይ ግዜ ከም ንቡር10-14 መዓልታት ኢዩ:: እንተደኣ እታ ዝተጠልበት ነገር ኣብ ልቓሕ ሃሊያ እቲ ናይ ምጽባይ ግዜ ክነውሕ ይኽእል::

እንተደኣ ዓንቀጻት-ጽሑፍ/ኣርቲክላት ካብ መጽናዕታዊ ኣብያተ-መጻሕፍቲ ጠሊብኩም ንሓንቲ ዓንቀጽ-ጽሑፍ 50 ክሮነር ይኽፈል::

ናይ ደገ-ምልቃሕ ባዕልኻ ክተሐድሶ ኣይትኽእልን ኢኻ:: ብዛዕባ ካብ ደገ-ምልቃሕ ሕቶ እንተኩም ንቤት-መጻሕፍትኹም ተወከሱ/ሕተቱ::

## ክፍሊት

ምልቃሕ ናይ ቪድዮ-ጸወታታትን ዲቪዲታትን (ሙዚቃን ፊልሚታት ሓቀኛ-ፍጻመታትን ከይሓወስካ) 20 ክሮነር ንሓደ ፊልም ንሰሙን ይኽፈሎ::

## ናይ ምድንጓይ ክፍሊት-መቕጻዕቲ

ዝተለቃሕኩሞም መጻሕፍቲ ከምዝመለስኩሞም ምርግጋጽ ናትኩም ሓላፍነት ኢዩ፣ እንተዘይኮይኑ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት-መቕጻዕቲ ክትከፍሉ ትግደዱ፥

3 ክሮነር ንመዓልቲ ን መጽሓፍ/ሲዲ/መጽሄት
10 ክሮነር ንመዓልቲ ን ዲቪዲ/ቪድዮ-ጸወታታት ህጹጽ-መጽሓፍ
100 ክሮነር ዝለዓለ ክፍሊት ንሓደ ምልቃሕ ኢዩ
300 ክሮነር ዝለዓለ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት-መቕጻዕቲ ኢዩ

እቲ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት-መቕጻዕቲ ካብ 50 ክሮነር እንተበዚሑ እቲ ዕዳ ከይተኸፍለ ምልቃሕ ኣይከኣልን::

እተን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ወላሓንቲ ናይ ምድንጓይ ክፍሊት-መቕጻዕቲ ዘይሓታሉ፥ ናይ ቆልዑን ናይ መንእሰያትን ስነ-ጽሑፍ:: እንኮላይ ጨናፍር ኣብያተ-መጻሕፍቲ ካብ ቆልዑን ትሕቲ 16-ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያትን ወላሓንቲ ክፍሊት ኣይወስዳን፣ ብጀካ እቶም ምልቃሓት ናይ ሲዲ፡ ዲቪዲን ቪድዮ-ጸወታታትን ገዲፍካ::

## ዝተለቃሕኩሞ እንተዘይመሊስኩም

ክልተ ሳምንታት ድሕሪ`ቲ ናይ ምምላስ ዕለት፡ ናይቲ ልቓሕ መዘኻኸሪ ደብዳቤ ንሰደልኩም:: ድሕሪ ተወሰኽቲ ኣርባዕተ ሳምንታት ከኣ፡ ዝኽፈል ዕዳ ንሰደልኩም::

## ዝተበላሸወ ወይ ዘይተመልሰ ልቓሕ

እቲ ዝተለቃሕኩሞ እንተደኣ ተበላሽዩ ወይ ዘይመሊስኩሞ፡ እቲ ቤተ-መጻሕፍቲ መቕጻዕቲ የኽፍል፥

300 ክሮነር ን መጽሓፍ/ሲዲ-መጽሓፍ/ኤምፒ3-መጽሓፍ
150 ክሮነር ን ሲዲ-ሙዚቃ
300 ክሮነር ን ዲቪዲ
500 ክሮነር ን ናይ ቪድዮ-ጸወታታት
50 ክሮነር ን መጽሄት

ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ስነ-ጽሑፍ:

150 ክሮነር ን መጽሓፍ/ሲዲ-መጽሓፍ/ኤምፒ3-መጽሓፍ

ንናይ ካብ ደገ-ምልቃሕ ካልኦት ክፍሊታት ኣለዎም::

## ሕቶታት ወይ ርኢቶታት?

ኩሉ ግዜ ንቤተ-መጻሕፍትኹም ክትውከሱ መርሓባ ንብለኩም:: ኣድራሻናን ክፉት-ሰዓታትን ብዝምልከት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ኣለኩም፥

https://bibliotek.ornskoldsvik.se

እንኮላይ ሕግታትና/መምርሒታትና ብካልእ ቋንቋታት`ውን ኣብኡ ኣለኩም/ትረኽቡ::